Bundesamt
für Migration
und Flüchtlinge

# ጽሑፍ ሓበሬታ ብዛዕባ መጸንበሪ ትምህርቲ

ን

- ብምዕራፍ 55 እዝባር 1 ሕጊ ዑቕባ መሰረት መቐመጢ ፍቓድ ዘለዎም ኣመልከትቲ ዑቕባ
- ብምዕራፍ 60a እዝባር 2 ዓረፍተ ነገር 3 ሕጊ መቐመጢ መሰረት መጽንሒ ዘለዎም ወጻእተኛታት
- ብምዕራፍ 25 እዝባር 5 ሕጊ መቐመጢ መሰረት መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ወጻእተኛታት

ዝኸበርኩም ወይዛዝርትን መኳንንትን፣

ኣብ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ንኽትካፈሉ ክፍቀደልኩም ኣብ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ስደተኛታትን (BAMF) ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ፣ ሓደ ኣብዚ ዝስዕብ ተጠቒሱ ዘሎ ቅድመ ኩነት ከተማልኡ ኣሎኩም፥

- ዑቕባ ኣመልኪትኩም፣ መቐመጢ ፍቓድ ዘለኩምን ዜግነትኩም ድማ ካብዘን ዝስዕባ ዘለዋ መበቆል ሃገራት ሓንቲ ኢኹም፥
  - ኢራን
  - ዒራቕ
  - ሶርያ
  - ኤርትራ
  - ሶማሊያ

  ብተወሳኺ፣ ኣብ ካልኦት ሃገራት ማሕበር ሕብረት ኤውሮጳ ዕቑባ ዘመልከትኩም ወይ ብናይ ዳብሊን III መምርሒታት መሰረት ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ሃገር ንኽተመልከቱ ዝተገደድኩም ክትኮኑ የብልኩምን።

  ወይ

- ብምዕራፍ 60a እዝባር 2 ዓረፍተ ነገር 3 ሕጊ መቐመጢ መሰረት መጽንሒ ፍቓድ ኣለኩም ወይ ብምዕራፍ 25 እዝባር 5 ሕጊ መቐመጢ መሰረት መንበሪ ፍቓድ ኣለኩም።

ምልክታ፥ መመልከቲ ዑቕባ ከተቕርቡ ከለኹም ወይ ድማ ኣብቲ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባኹም፣ ብኣካል ቀሪብኩም ቃልመጠይቕ ክትገብሩ ከለኹም፣ ነቲ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ንምክፋል ፈቓድ ዝተዋሃብኩም እንተ ኼንኩም፣ ንምጽንባር ትምህርቲ መመልከቲ ምቕራብ ኣየድልየኩምን እዩ።

ቆልዑ፣ መንሰያትን ትምህርቲ ንኽኸዱ ግቡእ ዘለዎም ብጹሓት መንእሰያትን ኣብዚ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ክካፈሉ ኣይክእሉን እዮም።

ናይ ምጽንባር ትምህርቲ እንታይ እዩ?

ሓፈሻዊ መጸንበሪ ትምህርቲ ክልተ ትሕዝቶ ኣለዎ፣ ትምህርቲ ቋንቋን ትምህርቲ ምልላይ ዓድን።

KNr. 630.121e Tigrinya BAMF 11/2017

ኣብቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ፣ ነቲ ኣብ ዕለታዊ ናብራኹም ክትዛረቡን ክትጽሕፉን ዘድልየኩም ቃላት ትመሃሩ። ምስኡውን ርክብ ምስ ሰብ ስልጣናት፣ ምስ ጎረባብቲን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ምዝራብን፣ ደብዳቤ ምጽሓፍን ፍርምታት ምምላእን ይሕውስ።

ትምህርቲ ምልላይ ዓዲ ብዛዕባ ኣብ ጀርመን ዘሎ ናብራ ሓበሬታ ይህበኩም። ኣብዚ ብዛዕባ ሕጋዊ ስርዓታት፣ ባህልን ናይ ቀረባ እዋን ታሪኽ ናይዛ ዓድን ሕጽር ዝበለ ትምህርቲ ትመሃሩ።

እዚ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ምጽንባር 600 ናይ ቋንቋ እዋናት ትምህርቲ (ሓደ እዋን ትምህርቲ 45 ደቓይቕ ይወስድ) ከምኡ'ውን 100 እዋናት ትምህርቲ ምልላይ ኣለዎ። ትሕዝቶ ትህምርቲ ቋንቋ ነፍሲ ወከፈን 100 እዋናት ትምህርቲ ዝሓዛ ሽዱሽተ ክፋላት ኣለወአን። እተን ናይ መጀመርታት 300 እዋናት ትምህርቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ይበሃላ፣ እተን ዝስዕባ 300 እዋናት ትምህርቲ ሃነጽቲ ትምህርቲ ይበሃላ።

ፍሉይ ዝኾነ ትምህርቲ ምጽንባር እውን ኣሎ፣ ንኣብነት፣ ንደቀ ኣንስትዮ፣ ንወለዲ፣ ንመንእሰያትን ነቶም ብግቡእ ከንብቡን ክጽሕፉ ንዘይክእሉ ውልቀሰባትን። እዚ ትምህርቲታት 1000 እዋናት ትምህርቲ ይወስድ።

ቀልጢፍኩም ትመሃሩ እንተ ኴንኩም፣ ኣብ ጽዕቕ ዝበለ ትምህርቲ ክትካፈሉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ 430 እዋናት ትምህርቲ እዩ ዝወስድ።

እቲ ትምህርታት ምጽንባር ዘተግብር ትካል፣ "ትምህርቲ ዝህብ ትካል" ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርኩም ናይ ደረጃ ምምዳብ ፈተና ከግብረኩም እዩ። በዚ ፈተና ነየናይ ትምህርቲን ናይ ትምህርቲ ክፍሊን ከም እትጅምሩ የጻሪ። እዚ ናይ ምምዳብ ፈተና ብነጻ ገንዘብ ዘይክፈሎ እዩ።

<u>ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ምስታፍ</u>

ናይ መወዳእታ ፈተና ናይ ቋንቋ ፈተናን ናይ መወዳእታ ናይ ምልላይ ፈተናን "ናብራ ኣብ ጀርመን" ዝበሃል ፈተና ዝሓዘ እዩ። ኣብቲ ናይ ቋንቋ ፈተና ኣኹል ፍልጠት ጀርመንኛ ከም ዘለኩም እንተተረጋጊጹ (ናይ ቋንቋ ደረጃ B1) ከምኡ'ውን ናይ "ናብራ ኣብ ዓዲ ጀርመን" ፈተና እንተሓሊፍኩም፣ ነቲ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ብዓወት ፈጺምኩም ማለት እዩ። ስለዚ ናይ "ሰርቲፊኬት ትምህርቲ ምጽንባር" ትቕበሉ።

ካብዘን ፈተናታት ብሓንቲኤን ወይ ድማ ብኽልቲኤን እንተ ዘይሓለፍኩም፣ ነቲ ውጺኢትኩም ዝገልጽ ምስክር ወረቐት ትቕበሉ።

ኣብ ናይ ምወዳእታ ፈተና ምስታፍ ብነጻ እዩ።

<u>ንትምህርቲ ምጽንባር ብፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ምፍቃድን ኣብ ትምህርቲ ምጽንባር ዘዳሉ ምምዝጋብን</u>

ነቲ ናይ መፍቀዲ መመልከቲ ብኽብረትኩም ብሙሉኡን ጽቡቕ ከም ዝንበብን ጌርኩም ምልእዎ። እቲ ትሰድዎ ኣድራሻ ብሽም ካልእ ሰብ እንተኾይኑ፣ እቲ "ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ እነብር (c/o) (ብ ጀርመንኛ "Gegebenenfalls wohnhaft bei (c/o)") ዝብል ምልእዎ፣ እንተዘይኮይኑ እቲ ፖስታ ክስደድ ኣይክእልን እዩ። ኣብቲ መመልከቲ ዝተጠቐሳ ዶኩመንትታት ኣተሓሒዝኩም ኣብኡ ተጠቒሱ ዘሎ ኣድራሻ ስደድዎ።

ኣብቲ ንኽፍቀደልኩም ተመልከትዎ ክትፍርሙ ከለኹም፣ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ስደተኛታትን ነቲ ሂብኩሞ ዘለኹም ጭብጢታት፣ ንምክያድ ናይ ምጽንባር ትህምርቲ ንክጥቀመሎምን ምስቲ ኣብ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ዘሎ ንጉዳይ መጻረዪ ዑቕባ ሂብኩሞ ዘለኹም ጭብጢታት ንከመዛዝኖ ከም ትሰማምዑ ተረጋግጹ ኣለኹም። እዚ ኽኣ ኣቐዲሞም ኣብ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ኣባል ዝኾነት ሃገር ዑቕባ ዘመልከቱ ወይ ድማ ብናይ ዶብሊን III መምርሒ መሰረት ናብ ካልኦት ናይ ኤውሮጳ ሕብረት ሃገራት ዑቕባ ንኽመልከቱ ዝግደዱ ውልቀሰባት፣ ኣብቲ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ምስታፍ ንክፍቀደሎም ንምክልኻል ተባሂሉ እዩ።

ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ምስቲ ኣብ ማእከላዊ ቤት መዝገብ ወጻእተኛታት ዘሎ ጭብጢ ከመዛዝኖ ንኽኽእል ብፊርማኹም ተረጋግጹ ኣለኹም። ብምዕራፍ 60a እዝባር 2 ዓረፍተ ነገር 3 ሕጊ መቐመጢ መሰረት መጽንሒ ወይ ድማ ብምዕራፍ 25 እዝባር 5 ሕጊ መቐመጢ መሰረት መንበሪ ፍቓድ ዘለኩም እንተኾይኑ ክጻረ እዩ።

ኣብ ትምህርቲ ምጽንባር ንኽትካፈሉ እንተተፈቒዱኩም፣ ካብ ፈደራልዊ ቤት ጽሕፈት ኣብቲ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ንክትካፈሉ ከም ዝተፈቐደኩም መረጋገጺ ዝኾነ "ናይ ፍቓድ መረጋገጺ ወረቐት" ተባሂሉ ዝፍለጥ ክስደደልኩም እዩ። ብሓባር ምስቲ ናይ ፍቓድ ወረቐት፣ ዝርዝር ናይ እተን ኣብቲ እትነብሩሉ ከባቢ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ዝህባ ትካላት ክስደደልኩም እዩ።

ምልክታ፡ መመልከቲ ዑቕባ ከተቕርቡ ከለኹም ወይ ድማ ኣብቲ ኣገባብ ጉዳይ ዑቕባኹም፣ ብኣካል ቀሪብኩም ቃልመጠይቕ ክትገብሩ ከለኹም፣ ንሓደ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ንምክፋል ዝፈቅድ መረጋገጺ ወረቐት ዝተዋህበኩም እንተ ኾይንኩም፣ ንምጽንባር ትምህርቲ መመልከቲ ምቕራብ ኣየድልየኩምን እዩ።

እቲ ናይ ትምህርቲ ፍቓድኩም ንሰለስተ ወርሒ እዩ ዘገልግል። ኣብቲ ናይ ፍቓድ ወረቐት ክሳብ መዓስ ከምዘገልግል ዕለቱ ተጻሒፉ ኣሎ። ብኽብረትኩም ኣብቲ ንዓኹም ተነጊሩኩም ዘሎ ትካል ንሓደ መጸንበሪ ትምህርቲ ተመዝገቡ ከምኡውን ነቲ ናይ ፍቓድ ወረቐትኩም ኣብኡ ኣቕርብዎ። ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ቦታ ዘይተጠቐሰ እንተ ኾይኑ፣ ብዝተኻእለኩም መጠን ቀልጢፍኩም ኣብ ሓደ ዝመረጽኹሞ ትካል ትምህርቲ ተመዝገቡ።

ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት፣ ትምህርቲ ብእዋኑ ከም ትጅምሩ ንምርግጋጽ ኢሉ ናብ ሓደ ትካል ትምህርቲ ክሰደኩም ይኽእል እዩ።

እቲ ትህምርቲ ዝህብ ትካል መዓስ ከምትጅምሩ ክሕብረኩም ኣለዎ። እዚ ትምህርቲ ዝጅምረሉ ዕለት ካብታ ዝተመዝገብኩምላ ዕለት ኣትሒዙ ሹዱሽተ ሰሙን ክሓልፍ የብሉን። ኣብዚ ውሽጢ ጊዜ እዚ ትምህርቲ ዘይጅመር እንተ ኾይኑ፣ እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ከፍልጠኩም ኣለዎ።

ብናትኩም ሓላፍነት ምኽንያት ድሕሪ ዕለት ምምዝጋብ እንተደንጎኹም ዓመት ከይሓለፈ ኣብ ሓደ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ እንተዘይጀሚርኩም ወይ ድማ ካብ ዓመት ንላዕሊ ነቲ ትምህርቲ ምስታፍ ኣንተ ኣቋሪጽኩም፣ እቲ ናይ ምስታፍ ፍቓድ ከም ዝድምሰስ፣ ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ።

<u>ስርዓቱ ዝሓለወ ተሳትፎ ትምህርቲ</u>

ነቲ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ዕላማ ኣብ ሽቶ ንምብጻሕ፣ ኣብቲ ትምህርቲ ስርዓቱ ሓሊኹም ክትካፈሉ ኣለኩም። እዚ ማለት ከኣ፣ ክሳብ ትምህርቲ ዝውዳእ ቀጻሊ ብግቡእ ከተከታተሉን ኣብ መወዳእታ ኸኣ ኣብቲ ፈተና ክትካፈሉ ኣለኩም። ኣብ ዝቐጽል እዋን ነቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣስተምህሮታት ኽትደግሙ እንተደሊኹም፣ ስርዓት ሓሊኹም ኣብ ትምህርቲ ምስታፍ ንዓኹም ኣገዳሲ እዩ። እስኹም ድልየትኩም እንተኾይኑ፣ ኣብ ትምህርቲ ብግቡእ ከም ዝተሳተፍኩም እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ብጽሑፍ ከረጋግጸልኩም ይኽእል እዩ።

<u>ምእላይ ቆልዑ</u>

ኣብዚ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ንምስታፍ ቆልዑ ዝኣሊ ዘድሊ እንተኾይኑ፣ ብኽብረትኩም ነቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ተወከሱ። እዚ ትካል ብዛዕባ እተን ዘለዋ ኣማረጽቲ ሓበሬታ ይህቡ እዮም።

<u>ትምህርቲ ዝህብ ትካል ምቕያር</u>

ትካል ትምህርቲ ምቕያር ዝከኣል ብመሰረቱ፣ ሓደ ናይ ትምህርቲ ክፍሊ ምስ ተፈጸመ ጥራሕ እዩ። ምቕያር ዝከኣል እውን ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ኩነታት ክህሉ ከሎ እዩ፣ ንምሳለ ገዛ እንተተቐየረ፣ ካብ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ናብ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ትምህርቲ ንምቕያር፣ ቆልዑ ንምእላይ ወይ ድማ ድሕሪ ሓደ ክፍሊ ትምህርቲ ትምህርቲ ሙያ ወይ ድማ ስራሕ ንምጅማር እንተተሓሲቡ እዩ ዝፍቀድ።

ብኻልእ ምኽንያታት እንተቐይርኩም፣ እቲ ኣብቲ ናይቲ እዋን'ቲ ዘሎ ዘይትካፈልዎ ክፋል ናይ ትምህርታት ይተርፈኩም።

ንኽትቅይሩ ዝተፈቐደ እንተኾይኑ፣ እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ነቲ ናይ ፍቓድ ወረቐትኩም ክመልሰልኩም ኣለዎ።

ንናይ ምጽንባር ትምህርቲ ዝኽፈል ዋጋ

ነዚ ትምህርቲ እስኹም ገንዘብ ኣይትኸፍሉን ኢኹም።

ዋጋ መጎዓዚያ

ንፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት መመልከቲ እንተ ኣቕሪብኩም፣ ነቲ መጸንበሪ ትምህርቲ ንምስታፍ ዝኽፈል ዋጋ መጎዓዚ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ናይዚ ሓገዝ ቅድመ ኩነት ግን እቲ ቤት ትምህርቲ ካብ እቲ መንበሪ ገዛ ብውሑዱ 3 ኪሎሜተር ዝርሕቐ እንተኾይኑ እዩ። እዚ ሓገዝ ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ትምህርቲ ብዝብል ሓፈሻዊ መልክዕ ኣዩ ዝወሃብ። ነዚ መመልከቲ ናብቲ ንመንበሪ ከባቢኹም ሓላፍነት ዘለዎ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ስደድዎ። ነዚ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.bamf.de ትረኽብዎ። ኣብቲ "Suchen" ዝብል ቦታ "Web-GIS" ዝብል ቃል ጽሓፉ። እዚ ኣብቲ ናይ ምድለዪ ገጽ ይወስደኩም። ኣብኡ ኣድራሻኹም ጽሒፍኩም "zuständige Regionalstelle mit Regionalkoordinator" ዝብል ኣማራጺ ድለዩ ደሓር "Suche" ዝብል ጠውቑ።

እንተበዝሐ ክሳብ 300 እዋናት ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ምድጋም

ፍሉይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ክህሉ ኸሎ፣ ሓደ ጊዜ ክሳብ 300 እዋናት ትምህርቲ ነቲ ትምህርቲ ቋንቋ ክትደግሙ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ኸኣ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ብምሉኡን ብግቡእን ተኻፊልኩምን ብተኸታታትሊ ኸኣ ናይ ቋንቋ ፈተና ዝወሰድኩምን ክትኮኑ ኣሎኩም፣ ኣብቲ ፈተና ቋንቋ ዝተሳተፍኩም እንተኾነ ግን ብቑዕ ዝኾነ ናይ ጀርመን ክእለት (ቋንቋ ደረጃ B1) ዘየምጻእኩ እንተኼንኩም እዩ።

ትምህርታት ንክትደግሙን ክትካፈሉን መመልከቲ ምቕራብ ኣድላዪ እዩ። በኽብረትኩም ኣብቲ ነቲ ትነብርሉ ከባቢ ሓላፍነት ናብ ዘለዎ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት መመልከቲ ኣቕርቡ።

ኣብ ናይ ፊደል ምቁጻር ትምህርቲ እንተ ተሳተፍኹም፣ ነቲ ናይ 300 እዋናት ትምህርቲ ክትደግሙን ኣቐዲምኩም ናይ ቋንቋ ፈተና ምግባር ኣየድልየኩምን እዩ።

ካልእ ክትፈልጡዎ ዝግባእ ነገራት

ኣብዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ተጠቒሰን ዘለዋ ናይ መመልከቲ ፎርሙላታት ካብ እተን ትምህርቲ ዝህባ ትካላት፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት ወይ ካብ ነቲ ከባቢኹም ዝምልከቶ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ'ውን እዚ ፍሮሙላታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ፡ www.bamf.de/formulare ክትረኽብወን ትኽእሉ ኢኹም።

ካብኡ ወጻኢ እውን ብኽብረትኩም ነቲ ቀረባት ናይ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ስደተኛታትን ኣገልግሎት መንእሰያት ስደተኛታትን ኣስተውዕሉ። እዚኣቶም መመልከቲ ብዝምልከት ይሕግዙ፣ ንሕቶታት መልሲ ይህቡ ከምኡውን ብዛዕባ ዝህልወኩም ጸገማት ይግደሱን መፍትሒ ክረኽቡ ድማ ይጽዕሩን፣ ንዓኹም ዝሰማማዕ መጸንበሪ ትምህርቲ ይደልዩ። እዞም ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ስደተኛታትን ኣገልግሎት መንእሰያት ስደተኛታትን ኣብ ከባቢኹም ኣበይ ከም ዝርከቡ ንምፍላጥ፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት፣ ካብ ቅርጫፍ ናይ ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.bamf.de ሓበሬታ ትረኽቡ።

እዚ ጽሑፍ ሓበሬታ ንዓኹም ኣብ ናይ ምጽንባር ትምህርቲ ንምስታፍ ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ። እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ተወሳኺ ሕቶታት ክምልሰልኩም ይኽእል እዩ።

ኣብ ናይ መጸንበሪ ትምህርቲ ክትሳተፉ እንከለኹም ኣብ ናይ ሓደጋ ኢንሹራንስ ምዝጉባት ኣይኮንኩምን።

ነዚ ናይ መጸንበሪ ትምህርቲ ክትሳተፉ እንከለኹም ዝለዓለ ዓወት ንምነየልኩም!